ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ -ሕድሪ          جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية - حيدرى

**ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT – HIDRI**

# ደምዳሚ መግለጺ 2ይ ስሩዕ ኣኼባ
# ፈጻሚ ኣካል ግሃድኤ-ሕድሪ፡

ፈጻሚ ኣካል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ-ሕድሪ (ግሃድኤ-ሕድሪ) 2ይ ስሩዕ ኣኼብኡ ካብ ዕለት 08 ክሳብ 10 መጋቢት 2018 ኣካይዱ ዛዚሙ፡፡ ፈጻሚ ኣካል ኣብዚ ንሰለስተ መዓልቲ ዘሰላሰሎ ኣኼባ ዓለማዊ፡ ዞባዊ፡ ከባብያውን ሃገራውን ኩነታት ኣመልኪቱ ዘትዩ፡፡ ብተወሳኺ ደምበ ተቓውሞ ኤርትራ ድሕሪ ምግምጋም ንውድባዊ ጉዳይ ኣመልኪቱ ብነፍሲ-ወከፍ ፈጻሚ ኣካል ቤት ጽሕፈታት ዝቐረበ ናይ 3ተ ኣዋርሕ ጸብጻብ ብዕምቀት ገምጊሙ ትግባረታትን ጉድለታትን መዚኑ፡፡

ፈጻሚ ኣካል ግሃድኤ-ሕድሪ ኣብ ኣኼብኡ ዓለማዊ ኩነታት ብዝምልከት፡ ኣብዚ እዋንዚ እቲ ብዓለም ደረጃ ቀንዲ ኣዛራብን ኣሰጋእን ኮይኑ ዘዘርብ ዘሎ ንዝኾነ ሸነኽ ዘይውክል ናይ ግብረ ሽበራዊ ተግባራትን ዓመጽን ዘበገሶ ዋሕዚ ስደተኛታትን ኮምኡውን ኣብ ገለ-ገለ ቦታታት ዘንጸላሉ ዘሎ ደበና ኲናትን ብግንባር ቀደም ዝጥቀሱ ጉዳያት ከምዝኾኑ ርእዩ፡፡

ዞባውን ከባቢያውን ኩነታት ብዝምልከት እንተኾነውን ፈጻሚ ኣካል፡ መዓልታዊ ረጽምታት ይካየዱ ከምዘለዉ፡ ሃገርና ኤርትራውን ኣካል ናይዚ ከባቢ ብምኳና ብሰንኪ ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ኣብ ክንዲ ሓባራዊ ረብሓን ጥቅምን፡ ናቱ ልዕልናን ሓያልነትን ተበላጽነትን ከረጋግጽ ህርዲግ ዝብል ዘሎ ምኳኑ ንማሕበረሰብ ዓለምውን ዝተኸወለ ከምዘይኮነ ርእዩ፡፡ ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ዕድሚኡ ንምንዋሕ ህዝብና ቀሲኑ ንከይነብር ጸላእቲ መጽኡኻ፡ ክወሩኻ ይሸባሸቡ ኣለዉ ተወረርካ እንዳበለ ድፍዓት ኣብ ምስራሕ ይጓየ ከምዘሎ ኩሉ ዝዕዘቦ ዘሎ ሓቂ ኢዩ፡፡ እዚ ከኣ ዓበይትን ካህናትን ሽኻትን ትሕቲ ዕድመን ብዘይንሕስያ ብኣልማማ የዕጢቑ የሰልፎም ከምዘሎ፡ ኮምኡውን ኣብ ኩሉ ቤት ማእሰርትታት ዳጉንዎም ዝነበረ ዜጋታት ናብ ድፋዓት ይወስዶም ከምዘሎ ጽሓይ ዝወቕዖ ሓቂ ኮይኑ ኣሎ፡፡ ኩነታት ስርዓት ህግደፍ ዘስተባሃሉ ዜጋታትና ከኣ ብዘይ ዕድመን ጾታን ኣፋላላይ፡ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልውን ሓዊሱ ብዝረኸብዎ ኣጋጣሚታት ኩሉ ተጠቒሞም ዝፈትውዋ ሃገሮም ንድሕሪት ራሕሪሖም ናብ ጎረባብቲ ሃገራት ብብዝሒ መዓልታዊ ይውሕዙ ከምዘለዉ ዝከሓድ ኣይኮነን፡፡

ሃገራዊ ኩነታት ብዝምልከት ድማ ሎሚ ኣብ ሃገርና ኤርትራ ብሰንኪ ሰራም ውዲት ስርዓት ህግደፍ፡ ኣብ ክንዲ ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ማእከል ዝገበረ ስነ-ሓሳብ ምጉላሕን ምስራጽን፡ ብኣንጻሩ ህግደፋዊ ኣተሓሳስባን ፍልስፍናን ኣተኣታትዩን ኣማዕቢሉን ኣብ ልዕሊ መላእ ህዝቢ ዘይተኣደነ በደል እንዳውረደ ይርከብ፡፡ እዚ ከኣ ብዘይ ሃገራዊ ቅዋም 26 ዓመታት ኣሕሊፉ ከምዘሎ፡ ስለዚ ኣብ ሃገርና ኤርትራ ዘሎ እዋናዊ ኩነታት ማለት ፖለቲካኡ፡ ቁጠባኡ፡ ማሕበራዊ መነባብሮ ህዝቢ፡ ምምሕዳሩ፡ ዲፕሎማሲኡ፡ ... ወዘተ ገቢቱ ብምሓዝ ኩለንተናዊ ህልውና ሃገርና ብህግደፋዊ ወተሃደራዊ ስነ-ሓሳብ ተዓብሊሉ ኣብ ኣዝዩ ዘሕዝን ኩነታት ወዲቑ ይርከብ ከምዘሎ ፈጻሚ ኣካል ግሃድኤ-ሕድሪ ኣብ 2ይ ስሩዕ ኣኼብኡ መዚኑ፡፡

ዋላ እቲ ሲቪላዊ ምምሕዳር ዝበሃል እንተሃለወውን ብተግባር ግና ብላዕለዎት ኣዘዝቲ ጀነራላት ስርዓት ህግደፍ ቀጥታዊ ትእዛዝ ግብራዊ ከምዝኸውን፡ ካብዚ ብምብጋስ ኩሉ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ፍጹማዊ ምልኪ ወተሃደራዊ ኣርዑት ስርዓት ህግደፍ ተቐሪኑ ከምዝርከብ ዘጠራጥር ከምዘይኮነ ፈጻሚ ኣካል ግሃድኤ-ሕድሪ ገምጊሙ፡፡ ብተወሳኺ ኩሉ ሃገራዊ ቁጠባዊ ዓቕምታትን መሳርሕታትን ማለት ጉልበት ሰብ፡ መሬት፡ ገንዘብ፡ ኣብ ሃገር ዝርከብ ማዕድናትን ኣብ ባሕሪ ዝርከብ ጸጋታትን፡ ወደብ ዓሰብን ከባቢኡን፡ ንደቂ ሃገር ኣውፊርቲ ርእሰማል ከልኪሉ ምስ ወጻእተኛታት ተሻሪኹ ንበይኑ ህግደፍ ስለዝገበቶ ህዝብና ግዳይ ጥሜትን ዓጸቦን ከም ዝኸውን ጌርዎ ከምዘሎ ርኡይ ሓቂ ምኳኑ ዝከሓድ ኣይኮነን፡፡

ፈጻሚ ኣካል ግሃድኤ-ሕድሪ ኣብ ዘካየዶ 2ይ ስሩዕ ኣኼብኡ፡ ብዛዕባ ኩነታት ደምበ ተቓውሞ ኤርትራ ኣመልኪቱ ዘቕመጦ ገምጋም፡ ስርዓት ህግደፍ ብኣደናጋሪ ስነ-ሓሳቡን ፖሊስኡን ኣብ ህዝቢ እንዳተጻልአ፡ ተቐባልነቱ እንዳኣንቆልቆለን ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ ህሞት፡ ደምበ ተቓውሞና ከኣ ኣብ ክንዲ ብሓባር ምጥንኻር ኣብ ደውታ ከምዝርከብ መዚኑ፡፡ ብፍላይ ዓቢ ተስፋ ተነቢርሉ ዝነበረ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ (ኤሃባደለ) ርኡይ ምዕባለታት ኣብ ክንዲ ምምዝጋብ ማኣዝኑ ኣጥፊኡ ኣብ ዕንይንይ ከምዘሎ ዝከሓድ ከምዘይኮነ ገምጊሙ፡፡ ሕጂውን ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ካብ ሓደጋ ብርሰትን ምብትታንን ንምድሓን ንፕሮፓጋንዳዊ ሃልኪ ዝግበር ዘይወድዓዊ ኣጋጋይን መግለጽታት ምውጻእ ገዲፍና ኩሉ ደላይ ፍትሕን ሰላምን ብሃገር ዝግደስን ናይ ሓባር መዋጽኦ ምንዳይ ዋዓል-ሕደር ዘየድልዮ እዋናዊ ጠለብ ምኳኑ ፈጻሚ ኣካል ግሃድኤ-ሕድሪ ኣትሪሩ ይጽውዕ፡፡

ካብዚ ብምብጋስ ፈጻሚ ኣካል ግሃድኤ-ሕድሪ ኣብ ካልኣይ ስሩዕ ኣኼብኡ ብዕምቆት ካብዝዘተየሉ ነቲ ብኣርባዕተ ማሓዙት ፖለቲካዊ ውድባትና ተጀሚሩ ዘሎ ሓባራዊ ግንባር ማለት **ኤርትራዊ ሃገራዊ ግንባር** (**ኤሃግ**) ኮይኑ፡ ነቲ ብኮንፈረንስ ተዛዚሙ ዘሎ ሓባራዊ እምነታትን መትከላትን (ፖለቲካዊ ቻርተርን ሕገ-ህንጻን) ግንባርና ኣብ ባይታ ንምዕዋት መላእ ኣባላት ውድብና ግሃድኤ-ሕድሪ ዝከኣሎም ኩሉ ከበርክቱ ድልዋት ከምዝኾኑ ኣረጋጊጹ፡፡

ፈጻሚ ኣካል ግሃድኤ-ሕድሪ ኣስዒቡ ዝረኣዮ ነቲ ናይ ሰለስተ ኣዋርሕ ብሕድሕድ ቤት ጽሕፈታቱ ዝቐረበ ጸብጻባት ኮይኑ ብመንጽር ትልምታቱ ብዕምቆት ገምጊሙ ውሳኔታት ከኣ ኣቐሚጡ፡፡ ኣስዒቡ ኣብ መጻኢ ሰለስተ ኣዋርሕ ክዕመሙ ዝበሎም ዝርዝር መደባት ሓንጺጹ 2ይ ስሩዕ ኣኼብኡ ዛዚሙ፡፡ ኣብ መደምደምታ፡ ህዝብን መንግስትን ኢትዮጵያ፡ ንኤርትራውያን ዝገብርዎ ዘለዉ ኩለመዳያዊ ሓገዝ ምስጋንኡ ኣቕሪቡ፡፡

ድሕነት ህዝብን ሃገርን ልዕሊ ኩሉ!!

ፈጻሚ ኣካል ግሃድኤ-ሕድሪ
10 መጋቢት 2018